# ሓድነታዊ ምንቕስቓስ ሳሆ ኤርትራ (ሓ.ም.ሳ.ኤ.)

## ውድባዊ መግለጺ

## <u>ሎሚ'ውን ቓልሲና ብዝሓየለ ኣገባብ ክቕጽል እዩ!</u>

ህዝቢ ኤርትራ ብባዕዳውያ ገዛእቲ ብሓይሊ ዚተመንዘዐ ሃገራዊ ናጽነቱን ህዝባዊ ሓርነቱን ብቑልጽሙ ንምኽባር ኣንጻር ተበራረይቲ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ምስ ሓያላት ዘራያቶምን ን30 ዓመት ሓደ ካብቲ ብነዊሕን መሪርን ዝፍለጥ ብረታዊ ቓልሲ ብምክያድ ብመስዋእቲ ኣሽሓት ብሉጻት ደቁ ብ1991 ሙሉእ መሬታዊ ናጽነት ኤርትራ ኣረጋግጹ።

ህዝቢ ኤርትራ  ቓልሲ ከጅምር ከሎ ዝሓቶ ኩለንተናዊ መስዋእቲ  ምስ ከብድን ተሓላላኺ ብድሆታት ስሕቱ ኣይነበረን እኳ ዳኣ ንናጽነቱን ሓርነቱን ክኸፍሎ ዝግበኦ ዋጋ ብእዋኑ ዝተረደኦን ዝኣመነን ብምንባሩ ተጋዳላይ ድማ ንሂወቱ ምእንቲ ህዝቡን ሃገሩን ኤርትራ ምባእ ናጽነትን ሓሪነትን ከትኮውን ሓሪዩ ነታ ብክብርቲ መስዋእቱ ናጽነት ዝረጋገጸላ ኤርትራ ድማ ዴሞክራሲ፡ፍትሒን ሰላምን ዝሰፈና ኮታ ምዕብልቲ ብልጽግቲን ሃገር ንተኸታተልቲ ወለዶታት ንምውራስ ነበረ።

እንተኾነ ግን ውድብ ህ.ግ.ሓ.ኤ.ብ1991 ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ናጻ ድሕሪ ምውጻእ  ካብ ትጽብትን ሃንቀውታን ህዝቢ ኤርትራ ወጻኢ በቲ ኻልእ ወገን ድማ መሰረታዊ ናይ ሳውራ ኤርትራ ዕላማን ራእይን ብምጥላም በይናዊ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ብምትካል መዳርግቲ ዘይርከቦ ግፍዕን ኩለመዳያዊ ኣደራዕ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ብምውራድ፡ብፍላይ ድማ ንብሄራዊ ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ንምቕያር ብኣውጅ ብሄራት ካብ ካርታ ኤርትራ ንምሕካኽ ካብ ነዊሕ ግዜ  ኣትሒዙ ብፖሊሲ ደረጃ እንዳ ሰርሓሉ ዝመጸ ምኻኑ ድሕሪ መንግስታዊ ስልጣን ምጭባጥ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዘሎ ብሄራዊ ክውንነት ኤርትራ ዝምስክሮ ዘሕዝን ሓቒ ኢዩ ።

ኣብ ልዕሊ ብሄራት ኤርትራ ብዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝተኣወጀ ናይ ምጽናት ዘመተ ንምምካትን ብኻልእ መዳይ ድማ ህላዊኤንን ቐጻልነተንን ንምርግጋጽ  ኣማራጺ ዘይብሉ  ምርጫ ቓልሲ ምክያድ ጥራይ ኮይኑ ምስ ተፈርደ ድማ ሳሆ ከም ኣካል ሕብረተሰብ ኤርትራ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ደምሲስካ ኣብ ኤርትራ ዴሞክራስያዊ ለውጢ ብምርግጋጽ ናይ ኩሎም ብሄራት ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ብቑዋም ዝረጋገጸላ ከምኡውን ዕላማ ሳውራ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ዝትርጎመላ ሃገር ዳግማይ ክውን ንምግባር ኣብ ዝግበር ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዜግነታዊ ናይ ቓልሲ እጃሙ ንምብርካት ብ2007ዓም ቓልሲ ኣንጻር ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንምጅማር ብወግዒ  ፖሎትካዊ ውድብ ከም ዝመስረተ ይፍለጥ።

ኣብ ዝቕጸለ ናይ ቓልሲ መድረኽ  ህዝብናን  ናይ ቓልሲና ደገፍቲን ትጽብት  ሕትኡ ዴሞክራስያዊ ለውጢ ማእከል ጌሩ ዝተላዕለ ህዝባዊ  ቓልሲና ዚተበገሰሉ ዕላማ ኣብ ሸቶ ንምብጻሕ ዘኽእሎ ሳውራዊ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ከምውን ፖሎቲካዊ ስነ-ምግባር ብምኽታል ንህዝቢ ኣብ መስመሩ ኣዕሲሉ ናይ ቓልሲና ሕምባበ ብምቕልጣፍ ዕምሪ ስልጣን ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንምሕጻርን ዴሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበር ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዕዙዝ ተራን ኣበርክቶን ክህልዎ ትጽቢት ዋላ እንተ ነበረ ብሰንኪ ኣብ መሪሕነት ውድብ ዘጋጠመ ድኽመት ነቲ ህዝብና ዘሰከሞም ረዚን ህዝባዊ ሓላፍነት ተቐቢሎም ከብቕዑ ንቓልሲ ክመርሕሉ ዝኽእሉ ብቕዓት ይኹን ናይ ዕላማ ሞራላዊ ድልውነት ስለዘይነበሮም ብኣንጻሩ ብስም ሳውራዊ ዕላማና ኣብ ውልቓዊ ጥቕሞም ብምውፋርን ኩሉ ዓይነት ዘይሕጋዊ

ኣሰራርሓ ብምንጋስ ውድብ ኣብ ኩሉ መዳያቱ ብብልሽውና ብምብካል ቓልሲና ንድሕሪት ከምዝስግም ጌሮም ።

ብኻልእ ወገን ድማ እቲ ኣሰካፊ ኩነታት ዘተሓሳስቦም ኣባላት ውድብን ህዝብን ነቲ ጉዳይ ጠቓላላ ዝኸፈአ ዕንወት ከየስዕብ ብምስጋእ ቕድመ ኩነት ንኽፍታሕ ብምሕላን ብቐጻሊን ተኸታታልን ፍታሕ ንኽግበረሉ ጻዊዒት ናብ መሪሕነት ዋላኳ እንተቕረቡ ብወገን መሪሕነት እቲ ቕኑዕ ተበግሶታት ናይ ኩሎም ወገናት ኣብ ከንዲ በእወንታ ተቐቢሎም ኣብ ግዝኡ እቲ ዝነበረ ጌጋታት ከእረመሉ ዝኽእል ሃዋህውን መድረኽን ፈጥሮም ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ዝፈትሑዎ ብኣንጻሩ ነቶም ሃናጺ ርእቶታት ንዝቕረቡ ኣካላት ንምውንጃል ኣዝዩ ሕሱርን ኣጸያፊ ናይ ምጽላም ዘመተ ብምክያድ እቲ ሽግር ዝያዳ ከዓሙቑን ከተሓላለኽን ብምኽኣሉን ኣንጻሮም ድማ ተቓውሞታት እንዳ ዛየደ ብምኻዱ ስለ ዝሰገኡ ከስዕቦም ካብ ዝኽእል ተሓታትነት ንኽምልጡ በቲ ኻልእ መዳይ ድማ ብግዳም ዝወሃቦም ዕዮ ገዛ ብሕሳብ ህዝባዊ ቓልሲናን ዕላማናን ብዘይ ተቓውሞ ዝፍጽምሉ ሃዋህው ንምፍጣር ዘኽእል ውሕስ ዕርዲ እሎም ዝኣመነሉ ሕብረተሰባዊ ድሕረት ብምህዳስን ኣብኡ ንምኽዋልን ብዘይዝኾነ ሕልናን ስነ ምግባርን ኣነዋሪ ብዝኾነ ኣገባብ ንህዝቢ ብዓሌትን ቐቢላን ብምፍልላይ ኣብ ልዕሊ ሽግሩ ካልእ ተወሳኺ ሽግር ብምፍጣር ታሪኽ ይቕሬ ;ይብሎ በደል ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ሳውራዊ ዕላማናን ፈጽሞም።

እሉታዊ ተግባራቶም ኣብዚ ጥራይ ዝውሰንውን ዘይኮነ ምስ መብዛሕትእን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዝርከባ ወድባት ኤርትራ ዘሎ ሓርፋፍ ዝምድና ምስ ንሪኢ ንምብልሻው ዝምድና ዝድሪኽ ዝኾነ ዓይነት ስነ-ሞጎታዊ ምኽንያት ዘይርከቦ እኳ እንተኾነ እቲ ጉዳይ ኣብ ሰፊሕ መቓን ጌርካ ከረኤ ከሎ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ኤርትራ ንነዊሕ ግዜ ዚጸንሐ ዘይሃናጺ ፖሎቲካዊ ሃዋህው ዝፈጠረሎም ዕድል ተጠቒሞም ብሽፋን ቓልሲ ብዘይምቑጽጻር ዝንቕሳቐሱ ሓደገኛታት ባእታታት ምቹእ ባይታ ብምርካቦም ዝተፈላለየ ውዲት ብምስዋር ሓይሊታት ዴሞክራሲያዊ ለውጢ ንምብታን ከሰርሕሉ ዚጸንሑ ኣዕናዊ መደቦም ብምብጋስ ሓደ ካብቶም ናይ ዕላሞእም መጋበሪያ ንምግባሩ ዚሓጸዩዎ ቓልሲ ብሄረ ሳሆ (ውድብ) ንምቑጽጻር ነቲ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ንዘጋጠመ ናይ ኣማራሪሓ ሃጓፍ ኣብ ቓልሲና ብምምዝማዝን ንመሪሕነት ውድብ ብረቒቕ ሜላታት ኣብ መጻወድያኦም ብምእታው ብስም ቓልሲን ዕላማን ብመንገዲ እዞም ውልቐ ሰባት ;ትግበር ዝተማህዘ መሰረት ኣልቦ ፈጠራዊ ግጭት ውጽኢት ኮይኑ እቲ መደብ ህዝብን ሃገርን ናይ ምድሓን ሕቶ ብቐዳምነት ንኽምለስ ናይ ሓይሊታት ዴሞክራሲያዊ ለውጢ ሓድነት ኣዝዩ ኣገዳሲን መድረኻዊ ጠለብ ብምዃኑ ኣብ መንጎ እዞም ፖሎቲካዊ ሓይሊታት ምትእምማን ተፈጥሩ ኩሉ ዝውንንዎ ሰብኣዊን ነገራዊ ጸጋታቶም ኣወሃሂዶም ኣንጻር ደመኛ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ሓባራዊ ቓልሲ ከየካይዱ ንምዕንቓፍን ብኣንጻሩ እሱራት ናይ ዘይረብሕ ግጭታት ኮይኖም ንኽነብሩ ኣብ መወዳእታ ዕላምኡ ህዝቢ ኤርትራ ብመስዋእትን ስንክልናን ኣላፍ ደቑ ዘረጋገጾ ሃገራዊ ናጽነቱ ብሰንኪ ጥልመትን ኢሰብኣዊ ምሕደራ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ተስፋኡ ቑህሙ ኣብ ዝርከበሉ እዋን ዳግማይ ኣንጻር ዲክታቶራዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዘበገሶ ሓሪነታዊ ቓልሲ ተዓዊቱ ንሕልሙን ባህጉን እትውክል ኤርትራ ንምርግጋጽ ዘካይዶ ቓልሲ ንምብርዓን ዝግበር ከንቱ ናይ ውዲት ፈተነ ኣካል ምዃኑ ብዙሕ ትንታነ ዝሓቲት ጉዳይ ኣይኮነን።

እምባእርከስ ህልው ኩነታት ውድብ ከም ሓደ ፖሎቲካዊ ትካል ኣጠቓሊልካ ክረአ ከሎ ብሰንኪ ብኩራት ንጽር ናይ ዕላማ ራእይ፡ መሪሕነታዊ ብቕዓት ዘይምውናንን ግዳማዊ ምትእትታውን ዘስዓቦ ድምር ዉህሉል እሉታዊ ሳዕቤን ውድብ ዳርጋ ኣብ ኩሉ መዳዩ ለሚሱ ከም ህልውውን ወሲድካ ከትዛረበሉ ዘይካኣል ካብ ስማዊ ህላወ ዝሓልፍ ተራን እበርከቶን ኣብ ቓልሲና ከምዘይብሉን ዝያዳ ንህዝብና ካልእ ዘይተደልየ ተወሳኺ ምንጪ ጸገም ኮይኑ ከምዘሎ ምድምዳም ይካኣል።

ስለዚ ማእዝኑ ዝሰሓተ ኣካይዳ መሪሕነት ናይ ቓልሲና ገድላዊ ጎዕዞ ብምዕንቓፍ ንህዝብና ናይ ቓልሲ ንያቱ ብምቕሃም ኣብ ትሕቲ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዘሕልፎ ዘሎ ኩለንተናዊ ኣደራዕ ንኸናዋሕን ብኻልእ ወገን ድማ ናይ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ መጻኢ ዕድል ንዝኸፈኣ ሰናርዮታት ንኺቓላዕ ቖጥታዊን ዘይቖጥታዊ ተራ ኣብ ምጽዋት ዝርከበሉ እዋን እዚ ኩነታት'ዚ ከም ዜጋታት ዘሰከመና ረዚን ታሪኻዊ ሓላፍነት ብምርዳእ ነዚ በዳሂ ናይ ቓልሲ መድረኽ መኪትና ዓወት ሓሪነታዊ ቓልሲና ከነረጋግጸሉ ንእኽእል እንኮ መንገዲ ጹሪይ ፖሎቲካዊ ራእይ፡ ዝተወደበ ንቑሕ ሕብረተሰብን ሓላፍነታዊ መሪሕነት ምስ ዝህሉ ጥራይ ምዃኑ ብመትከል ተኣምንሉ ንነዊሕ ግዜ ከጽናዕ ድሕሪ ምጽናሕ መሰረታዊ ናይ ኣራኣእያን ኣሰራርሓን ለውጢ ብምክያድ ኣብ ጉዕዞ ዝተኾልፈ ናይ ህዝቢና ሓሪነታዊ ቓልሲ ምኽንያት መፍሽሊሉ ብግቡእ ድሕሪ ምግምጋም ካብኡ ኣድላይ ትምህርቲን ተመኪሮን ብምውሳድ ዳግማይ ቓልሲ ተበጊሱ ገድላዊ ጉዕዞኡ ኣብ ንጹር ሳውራዊ ዕላማ ንኸቕጽልን ናይ ህዝብና መከራ ንኸሓጽር ብኻልእ ወገን ድማ ድሕነት ህዝቢናን ሃገርናን ተዋሒሱ ዴሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ሃገርና ንኸረጋገጽ ናይ ቓልሲ እጃም ምፍጻም ናይ ፍትሒ ሕቶ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ ኣብ መጻኢ ዕድል ህዝቢን ሃገርን ናይ ምውሳን ሕቶ ኣዝዩ ኣገዳሲ ተራ ስለዘለዎ ቓልሲና ኣብ ዘተኣማምን ጎደና ንኽምርሽ መታን ኣድላይ ቕድመ ምድላዋት ድሕሪ ምጽፋፍ ብወግዓዊ መንገዲ ቓልሲ ንምጅማር ዝተሰናደአ ሰፊሕ ናይ ዘተ መድረኽ ወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝተኻየደ መሰረሒ ቕድመ ምድላው ብዕምቖት ድሕሪ ምዝታይ ኣድልይ ማኣረምታን ምምሕያሽን ኣብ ገለ ጉዳያት ብምግባር እቲ መሰሪሒ ብሓፈሻ ብጽፈት ከም ዝተዛዘመ ብምስማር ኣብ ካላኣይ መድርኽ ዘተኡ ድማ ወግዓዊ ምምስራት ውድብ ሓድነታዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤረትራ(ሓ.ም.ሳ.ኤ.) ብሙሉእ ድምጺ ድሕሪ ምጽዳቕ ፖሎቲካዊ መርሆን ኣገባብ ቓልሲን ብምንጻር ግዝያዊ መሪሕነት ውድብ ድሕሪ ምምራጽ መድረኻዊ መደብ ስራሕ ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈታት ብምሕንጻጽ ኣገዳሲ ፖሎቲካዊ ውሳኔታት ብምትሕልላፍ ዘተኡ ብዓወት ደምዲሙ።

በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ናብ ህዝብናን ደገፍቲ ናይ ቓልሲና ዝኾኑ ወገናት ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ዝኾነ ቓልሲ ብዘይ ናይ ሓፋሽ ወሳኒ ደገፍን ተሳትፎን ከዕወት ስለዘይኽእል ኣብ ጎኒ ቓልሲኹምን ውድብኩምን ደው እልኩም ዜግነታዊ ኣበርክቶኹም ክትፍጽሙ ወድባዊ ጻዊዒትና ነቕርበልኩም።

ኣብ መወዳእታ ውድብና ሓድነታዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤርትራ(ሓ.ም.ሳ.ኤ.) ምስ ኩሎም ሃገራውያን ደለይቲ ፍትሒ ብሓባር ከሰርሕ ቑሩብ ምዃኑ የረጋግጽ።

ሓበሬታ ውድብና ሓድነታዊ ምንቅስቓስ ሳሆ ኤረትራ(ሓ.ም.ሳ.ኤ.) ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ ጉዳያት ሃገርና ብፍላይ ድማ ብዝተፈላለየ ኣገባብን ሜላን ንነዊሕ ግዜ ፈኺም እንዳበለ ከምዕብል ዝጸነሐ ኣዝዩ ሓደገኛ ፖሎቲካዊ ምዕባሌታትን ኣብ ሃገራዊ ሉኡላውነትናን ናጽነትናን ከስዕቦ ዝኽእል ዕንወት ኣብ ግምት ብምእታው ከም ህዝቢ ብሓባር ነዚ ሓደገኛ ኩነታት ብኸመይ ክንከላኸሎ ከም ዝግባእ ኣመልኪቱ ዘለዎ ፖሎቲካዊ መርገጺ ብሰፊሕ ንህዝቢ ከገልጽ ምዃኑ ይሕብር።

ዓወት ንሓሪነታዊ ቓልሲና!

ውድቐትን ስዕረቲን ንዲክታቶሪያዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.!

ግዝያዊ መሪሕነት ሓ.ም.ሳ.ኤ.

24 ጥሪ 2017